


# ኩሉኹም 16ን ካብኡ ንላዕሊ ዝዕድሜኹምን ናጻ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ሕጂ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም!

**ክታበት ኮቪድ-19 ውሑስ እዩ**
ክታበታት ኮቪድ-19 ህይወትና ናብ ንቡር ንምምላስ ይሕግዙና። ረብሓታት ምኽታብ ካብቲ በቲ ቫይረስ ክትልከፍ ዘለካ ስግኣት ተኽእሎ ኣጽቢቑ ይበልጽ። ዝብዝሑ ሰባት ከም ሕኻኽ ኣእዳው ዝኣመሰለ ቅልል ዝበለ ወይ ማእከላይ ጐድናዊ ሳዕቤናት እዩ ዘጋጥሞም። እቶም ክታበታት ኮቪድ-19 ንከበድቲ ሕማማት፡ ኣብ ሕክምና ምድቃስ ከምኡ'ውን ካብቲ ሕማማ ዝለዓል ሞት ውን ይከላኸል'ዩ።




**ኣብ ቀረባኹም ንዝርከብ ኣቕራቢ ንኽትረክቡ፡ ናብ** vaccinefinder.org **ብጽሑ።** ንቖጸራ ብመንገዲ ኢንተርነት ወይ ብቴሌፎን ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም። ገለ ዘኽትባ ክሊኒካት እናኸድካ ወይ ኣብቲ ዘለኻዮ ቦታ ብምምጻእ ምዝገባ ይቕበላ እየን። **ቆጸራታት ቀልጢፉ ክመልእ እዩ። ቆጸራ ንምሓዝ ሒደት ፈተነታት የድልየኩም ይኸውን'ዩ።**

- **እቲ ክታበት ንኹሉ ሰብ ናጻ እዩ።** ናይ ጥዕና ውሕስነት ክህልወካ፡ ዜጋ ኣሜሪካ ወይ ተቐማጢ ክትከውን ወይ ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕሰነት ክህልወካ ኣየድልየካን'ዩ። ወሃብቲ ቀረብ ዝኾነ ዓይነት ናትኩም ሓበሬታ ንኢሚግሬሽን ወይ ኣኽበርቲ ሕጊ ኣይህቡን እዮም።
- ስምካ ዘለዎ ዝኾነ ነገር ሒዝካ ክትመጽእ ኣለካ (ከም መለለዪ ስእሊ፡ መኽፈሊ ወጻኢታት ወይ ካብ ካልእ ሰብ መን ምኳንካ ክሕብር ዝኽእል ዝተፈረመሉ ደብዳቤ)።
- ኮምፒዩተር ወይ ኢንተርነት እንተድኣ ዘይብልካ ኮይኑ፡ ንኽትምዝገብ ክሕግዘካ ዝኽእል ዝኾነ ሰብ ሕተት።
- ነቲ ኣቕራቢ ክታበት ኣቐዲምካ፡ ዝኾነ ሓገዛት ዘድልየካ እንተድኣ ከተፍልጦም ትደሊ ትኸውን ኢኻ (ከም ሓገዛት ቋንቋ ወይ ድማ ዓረብያ ስንኩላን ዝኣመሰለ)።

ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም፡ ናብ coronavirus.utah.gov/vaccine ብጽሑ ወይ ህጹጽ መስመር ኮቪድ-19 ብቑጽሪ **1-800-456-7707** ደውሉ።

CORONA**VIRUS**
UTAH.GOV

**Coronavirus.Utah.gov**